ክቡር ህዝቢ ኤርትራ!!! ድርሕሪ ምድምሳስ ባዕዳዊ መግዛእቲ፡ ድሕሪ ምዕዋት ረፈረንዱም ንልኡላውነት፡ ድሕሪ ምጽዳቕ ቅዋም ሃገር፡ ኤርትራን ደረጃ መነባሮ ህዝባን ኣብ ክመይ ዝበለ ኩነታት ክህሉ ምተገበአ?

ትምኒት ኩሉ ገርህኛ ኤርትራዊ ሰማይ ዝዓረገ ሃንቀውታ ምዕባለን ሰላምን ከምዝነበረ ዘዛርብ ጉዳይ ኣይኮነን። ኩሉ እቲ ሃንቀውታ ግን ኮንቱ ኮይኑ። ህዝቢና ኣብ ከመይ ዝበለ ጸልማት ኩነታት ከም ዘለኻ፡ ዓለም ብዓለሙ በሪህሉ። እቲ ክቡር ሂወት ኣሽሓት ደቅኻ ዝተኸፈለሉ፡ ብኣሽሓት ዝሰንከልሉን ነባሪ ስነኣእምሮኣዊ በሰላ ኣትሪፎምሉን፡ ዝተረኸበ ክብረት ሃገር፡ በቲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ በላዕተኛን ቊርዲድን ዝኾነ፡ ውልቀ-መላኺ ስርዓት፡ ተጠሊሙን፡ ንረብሓ ቁንጣሮ ዘይኣኽሉ ናይ ስልጣን ኅሓላልሉን ተበልጸትን ኮይኑ።

ምእንቲ ነጻን ሰላምን ዝዓሰላን ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ክትህሉ ዝተቓለስካሉ፡ ብሓደ ናይስልጣን ጉሒላ ዝኾነ ውልቀሰብ ተጨውዩ። ኣምሰይኡ፡ ህዝቢ ንተደራራቢ ሓዘን፡ ቀጻሊ ዝኽትምና፡ ማእለያ ዘየብሉ ስንካል፡ ስነኣእምሮኣዊ ጭንቀት፡ ጥምየት፡ ዕርቃን፡ ምብትታትን ስድራቤትን ተቓሊዑ። ሕሉፍ ሓሊፉ እቶም ነጻነት ከምጽኡ፡ ብጅግንነት ዝተቓለሱ ድሮ ናይደቆም፡ ስንካል፡ መስዋእቲ፡ ከርተትን፡ስደትን፡ ክርእዩ ተገዲዶም፡ ክንዮዚ ብጅግንነት ከምዘይተቓለሱ፡ ሎሚ ኣብ ራዕድን ምጥርጣርን፡ እህህ ዝብሉሉ ሂወት ኣትዮም፡ እንታይ ክንገብር ኣቲና፡ ተሰዊእና እንተንኸውን ምሓሸ ዝብልሉ ኣብናይ ጣዕሳ ህሞት ኣትዮም፡ ኣብ ከብዶም ዘይጽወር ጓሂ ሒዞም ይመላለሱ ኣለው። እወ ሓቆም። መዓስ ነዚ ኔሩ ቃልሶም።

ኤርትራ፡ ኣብ ክንዲ ማእከል ምርምርን ትምህርታዊ ምዕባለን፡ ዝዓበየ ትካል ትምህርቲ ተበታቲኑ፡ ናብ ማእከል ማእሰርትን ጊላነትን ተቐይራ። ህዝቢ ቀደም ደቁ ንሳሕል መሪቑ ንቓልሲ ክልእኽ እንከሎ ብደርጊ ዘይተኣሰረ፡ ሎሚ መንግስቲ ህግደፍ፡ ባዕሉ ወሲዱ ዘጥፍኦም መንእሰያት ከይኣኽሎስ፡ ከይሓፈረ ንወለዶም ሰፍ ዘይብል ገንዘብ ክኸፍሉን፡ እንተዘይከፊሎም፡ ኣብ ማእሰርቲ ክበልዩን ወሲንሎም፡ እዚኣ እያ እታ ናይ ሎሚ ኤርትራ። ኣብ ምንቲ ምንታይ እዩ ግን እዚ ኹሉ ኣደራዕ ንህዝቢ፥ እወ ንዓኻ ህዝቢ ኤርትራ።

ሎሚ ሃገርና ብግብሪ፡ ካብ ኣብያተ ሕክምናን ትምህርትን። ኣብያተ መዳጎንን መሳቐይን ዜጋታት ይበዝሕ፡ ኣሽሓት ዜጋታት ብዘይ ንሕስያን ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብን፡ ናይ ሞት ስጉምቲ ዝውሰደላ ሲኦል ተቐይራ ትርከብ፡ ማእለያ ዘይብሎም ንጹሃት ዜጋታት፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ፡ ገዳይም ሓርበኛታት፡ ወለዲ፡ ዓበይትን መንእሰያትን መንፈሳውያን መራሕቲ፡ ጋዜጠኛታት፡ መንእሰያት፡ ኮታ

ኣሽሓት ዜጋታት ከካብ ዝጸንሕዎ፡ ተጨውዮም፡ ብጭካነ ኣብዚሓ ኣትዮም ዘይበሃለሉ ሃለዋቶም ጠፊኡ፡ ኣብ ጎዳጉዲ ዓመታት የቕጽሩ ኣለዉ። ስለምንታይ እዩ እዚ ኩሉ ሕሰምን ውርደትን። ፍረ ቃልስኻ ተጨውዩ ክሳዕ መዓስ። ህዝቢ ኤርትራ! ይኣክል እምብለይ፡ ንዓማጺ ኣይምብርከኽንየ ዝብል ባህርኻ ኣበይ ኣትዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ሓደ ምግዱር ህዝቢ፡ ሰሪሑ ከይበልዕ፡ ኩሉ ዕድላት ተሓሪምዎ፡ ንሓኪም፡ንሃናጺ፡ ንመሃንዲስ፡ ንነጋዲ፡ ንሓረስታይ፡ መምህር፡ ኩሉ በዓልሞያ ስራሕኣልቦ ጌሩ፡ ብከቢድ ተደጋጋሚ ጥምየትን ኣብ መፈጠርካ ዘጽልእ ደረጃ ድኽነትን ተቓሊዑ፡ ኩሉ ዝሰርሕ መንእሰይ ነቲ ዓንዳሪ ባህርያቱን ህርፋኑን ንምርዋይ፡ ኣብ ገደብ-ኣልቦ ዝኾነ፡ ባርነታዊ ኣገልግሎት ተጸሚዱ፡ ብዛዕባ ሂወቱ ንኽይሓስብ፡ ኣብ ቀጻሊ ሃታ ሃታን፡ ዘይውዳእ ዕስክርናን ተመቒሑ፡ ኣብ ፈቐዶ በረኻታትን፡ ስግረዶባዊ ውግኣትን ከምነዳዲ ይሃልኽ ኣሎ። እቲ ካብዚ ሲኦልዚ መውጽኢ ዕድል ዝረኸበ መንእሰይ ድማ፡ ሃገሩ ጠንጢኑ፡ ምዓልብኡ ዘይፍለጥ ፈቐዶኡ ይጠፍእ ኣሎ። ስለምንታይዚ ኩሉ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ዘይክፈል ዋጋ ዝኸፈለ፡ ዝሰንከለ፡ ዝገበረ፡ ስልማቱ ቀንጢጡ ዝመጠወ፡ ዝተሰወአ፡ ንኽብረቱ ዝተበጀወ ህዝቢ!!!!

እቲ ኣንጻር ኩሉ ህሉው ሓቅታት ዝኾነ ሓለቓ ህግደፍ፡ ብኣቃጫጭ፡ ሃገረ መላመዲኡ ቆጺርዋ፡ባራካታት ዝኾነ ገዛውቲ ሰሪሕናባ፡ ጽርግያ የዕሪናባ፡ እንዳበለ ወግሐ ጸብሐ ሰብ ከደናግር ይፍትን። ዓቕሙን ሚዛኑን ዘይፈልጥ ዳንደ ሓለቓ፡ ንሃገራት ከነኣእስን፡ ማእለያ ዘየብሉ ጸርፊ ከዝንብን፡ ጸሓይ ወጊሓ ትዓርቦ ኣላ። ሕሉፍ ሓሊፍዎ፡ ከም ዋልታ ህዝቢ ኮይኑ ክቐርብን ኤርትራ ኣብ ከበባ ጸላኢ ከምዘላ ብምምሳል ንህዝቢ ፍርሒን ስግኣትን ክነዝሕ ህርድግ ይብል ኣሎ። ስለምንታይ እዩ ግን እዚ ኩሉ ኣደራዕ ሕሰምን መከራን፥ ሃገር ክብራ ባይታ ዘቢጡ፡ ሰራሓ ኣይተድምዕ፡ ተዛሪባ ኣይተስምዕ ኮይና፡ ድምጻ፡ ድምጺ ዕዉር ከልቢ ኮይኑ ተሪፉ። ስለምንታይ፥ ኣበይ እዩ መኽተምትኡኸ፥

ኩሉዚ፡ ብሰንኪ እቲ ቀዳማይ ጸላኢኻ ዝኾነ፡ ጨካን ውልቀመላኺ ሓለቓ ህግደፍ እዩ። እዚ ገባቲ ዝኾነ ስርዓት፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ተጓሒፉ፡ ወናኒ ሂወትካን ዕድልካን ክትከውን፡ ብድምጽኻ፡ ብቕዋምካ፡ ብሕጊ ክትመሓደር፡ ነቲ ብሕጊ ዘይቕየድ፡ ዘይቕዋማዊ ስርዓት፡ ቅዋመይ ይተግበር፡ እሱራት ይፈትሑ በሎ፡ መሰለይ`ዩ በል ተላዓል!!!

ብዘይካ ባዕልኻ ተቓሊስካ፡ ካልእ ነጻነት ከምጸኣልካ ዝኽእል ናይ ሰብ ሓይሊ የለን።

እቲ ናይ ሓያላን ሓያል ንስኻ ኢኻ ህዝቢ።

እዚ ዓማጺን ገባትን ስርዓትን መራሒኡን፡ ዝኸወሉ እምባ፡ ወይ በዓትን ኣኻውሕን የልቦን። ከም ኩሎም ቅድሚኦም ዝነበሩ ዓመጽቲ ስርዓታት እዚ`ውን ፈራሕን መያቑን ኢዩ። ንዘለካ ፍርሒ ፈንጢስካ፡ ሓደ መዓልቲ ከይትለዓል፡ ዓማጺኻ ብፍርሒ ተዋሒጡ ከይደቀሰ`ዩ ዝሓድር ዘሎ። ንኹሉመጋረጃ በናጢስካ

ብሓደ ድምጺ ተለዓል። ኩሉ ህዝቢ ከምዝፈንፈኖ፣ እቲ ኣብ ነፍሲወከፍ ቤትካ ዘሎ ሓቂ ዝምስክሮ እዩ። ሓንሳብ ኣይፋል ዝበለ ማዕበላዊ ሓይልኻ፣ ኣብ ቅድሚኡ ደው ዝብል ሓይሊ ኮቶ የለን። እቲ ሓይሊ ምሳኻዩ ዘሎ፣ ንስኻ ኢኻ ዓርሞሽሽ ሓይሊ፣ ቀደም ባዕልኻ፣ ሕጂ`ውን ከምትማሊ ባዕልኻ ንመቑሕ መለኽቲ ዓነውነው ከተብሎ ተለዓል::

ተበራበር! ቅዋም በል፣ ፍትሒ በል፣ ክብረተይ በል!!! ባዕለይ በል፣ ኣነየ ንጉስ ነብሰይ በል!!!

ተበራበር! ቅዋም በል፣ ፍትሒ በል፣ ክብረተይ በል!!! ባዕለይ በል፣ ኣነየ ወናኒ ዕድለይ በል!!!

ተበራበር! ቅዋም በል፣ ፍትሒ በል፣ ክብረተይ በል!!! ባዕለይ በል፣ ኣነየ ሕጊ በል!!!

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ

2008 – 12 - 07